# ማርያም ደዓርት

## ግንቦት 21 2015 ዓ.ም. (5/29/2023)

## ማርያም መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ትሕግዘና

### ማርያም ምስለ ፍቁር ወልዳ



ንባባት፥ ገላትያ 4፥1~9፥ ራእ 11፥19~12፥1~6፥ ግ.ሓ.1፥12~14፥ ሉቃ. 1፥-39~56

ስብከት፥ ወለገጽኪ ይትመኃለሉ ኩሎሙ አሕዛብ ብዑላነ ምድር ኩሉ ክብራ ለወለተ ንጉሥ ሃሴቦን በዘአጽፋረ ወርቅ ኀቡርት ወዕጹፍት።

ዓመታዊ ዝኽረ በዓል ማርያም ደዓሪት እዩ ሎሚ አብዚ ቅዱስ ቦታ ክንእከብ ምኽንያት ገርናዮ ዘሎና። ህዝቢ አምላኽ ዝዓበየ መንፈሳዊ ነገር ክገብር እንተ ኾነ ብስም አምላኽ ተአኪቡ ጸሎት ክገብር እንከሎ እዩ። ዳዊት ነብይ አብ መዝሙሩ አብ ቤት አምላኽ ንኺይድ አሎና ምስ በሉኒ ክንደይ ተሓጎስኩ ይብል አብ ቅድሚ አምላኽ ሓደ ልብን መንፈስን ኮና ክንጽሊ እንከሎና አብ መንጎና አምላኽ ስለ ዝህሉ ካብኡ ዝዓቢ የብልናን።

ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ብሓደ ኮና እንጽልየሉ ጊዜ ትሰርዓልና ብዓላት፥ ንግደት፥ ሱባኤ፥ ሰናብቲ እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ምስ አምላኽ ክንውዕል ዝሕግዘና እዩ። ሎሚ ምስ ማርያም ክንውዕል አብዚ ተአኪብና አሎና። ብፍሉይ ክነስተንትኖ መሪጸዮ ዘሎኹ ማርያም መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ትሕግዘና ዝብል እዩ።

ወንጌላውያን ብፍላይ ሉቃስ ማርያም ምስ መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ርክብ ከምዝነበራ ይሕብረና። ቅዱስ ገብርኤል ካብ አምላኽ ተላኢኹ ናይ መድኃኒ አደ ክትከውን ክነግራ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ አባኺ ክወርድ እዩ ኃይሊ ልዑል እውን ከጽልለኪ እዩ ስለዚ እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ አምላኽ ክብሃል እዩ (ሉቃ 1፥35) ኢሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ አብ ሕይወታ ነጊርዋ።

ካብ መጀመርያ ጽንሰታ ማርያም ካብ አምላኽ ጸጋ ረኺባ እያ እዚ ብመንጽር እቲ እትወልዶ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ክንርእዮ ከሎና እዩ። ንሳ አደ አምላኽ ክትከውን ስለ ዝኾነት ካብ ዝኾነ ኃጢአት ነጻ ክትከውን አለዋ በዚ ምኽንያት እዩ ገብርኤል ከበስራ ምስ ከደ ሰላም ንአኺ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስኺ እዩ፥ ንስኺ ካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ ዝበላ። ከም ማንም ሰላምታ አይኮነን ኢልዋ ፍሉይ ሰላምታ ምስ አምላኽ ዘልአ ርክብ ዝገልጽ። እግዚአብሔር ምስኡ ዘሎ ሰብ ቅዱስ እዩ። አብ እግዚአብሔር ዘለዎ ጸጋን በረኸትን ምሉእ እዩ። ማርያም ነዚ እያ ተዓዲላ። ምልእተ ጸጋ ክንብላ እንከሎና ባዕላ ዘምጽአቶ ዘይኮነ ካብ አምላኽ ዝረኸበቶ እዩ። ማርያምከስ ሕይወታ ብምልኡ ምስ አምላኽ ተወሃሂዱ። ነዚ ኹሉ ክትረክብ ዘብቅዓ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ሳልሳይ አካል ቅድስት ስላሴ ኩሉ ምንጪ ቅድስና ይህበና። ንአምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት ክንመርሕ ሓይልን ጸጋን ይዕድለና። ከም ሰባት ክንደክም እንከሎና ዘበራብር ሓይሊ ይዕድለና። ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ ንሓዋርያቱ ዘጸናንዕ ንኹሉ ዝሕግዘኩም መንፈስ ቅዱስ ክሰደልኩም እየ እናበለ ተስፋ ሂብዎም። ናይ መንፈስ ቅዱስ ተራ አብ ሕይወትና ተስፋ ምሃብ አብ እምነትና ክንጸንዕ ኃይልን ጽንዓትን ምሃብ ከምኡ ሕይወትና ክንመርሕ ይሕግዘና። ማርያም ነዚ አብ ሕይወታ ብግብሪ ስለ ዝረአየቶ ክትመርሓና ክትሕግዘና ጸገም የብላን።

ኣብ ጽርሓ ጽዮን ማርያምን ሓዋርያትን ብሓንሳብ እንከለዉ ጸሎት ተመርሖም ነራ። ሕይወታ ምሉእ ሕይወት ጸሎት እዩ። ጸሎት ክብሃል እንከሎ ምስ ኣምላኽ ምዝራብን ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ከይዘንጋዕካ ምግባርን እዩ። ሰባት ዘንጋዕቲ ኢና ናይ ዓለም ናብራን ሕይወትን ከም ንህውትት ይገብረና እዩ ጸሎት ክንገብር ይኸብደና ንድላይ ኣምላኽ ክንፍጽም የጸግመና። ሎሚ እምብኣር መምህር ጸሎት ዝኾነት ማርያም ክተስተምህረና ንለምና።

ማርያም እትምረሖ ጸሎት ኣብ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዘብጽሕ። ሓዋርያት ንማርያም ኣማእኪሎም እናጸልዩ ከለዉ መንፈስ ቅዱስ ወሪድዎም። ንሳ ዝጸለየቶ ጸሎት ካልእ ኣይኮነን ንኣምላኽ ልቦም ከምዝከፍቱ ገራቶም። ክንጽሊ እንከሎና ልብና ክንከፍት ንኣምላኽ ክንልምን እሞ ልብና ክነንጽሕ እዩ።

ሎሚ ነዚ ብዓልና ፍሉይ ክንገብሮ እንተ ኾና ልብና ንኣምላኽ ንኽፈተሉ። ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ልብና ሎሚ ብኻልእ ተወሪሱ እንተሎ ክንምለስ እዋኑ እዩ። እሞ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ልብና ተመሊስና ኣብ ማርያም ንመለስ። ከምቲ ንስኺ ልብኺ ሕይወትኪ ማኅደር ወልድ ክኸውን ዘፍቀድኪ ኣነ እውን ኣብ ሕይወተይ ኣምላኽ ክእቱ እሞ ክቕየር ሓግዝኒ ንበላ።

ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ ጨሪሾም ተቐይሮም። ንኽፉእ ንፍርሓት ንሕመቕ ንኹሉ ሓዲጎም ኣብ ሓዲስ ሕይወት ኣትዮም። ነቲ ኢየሱስ ዝብሎም ዝነበረ ብምልኡ ኣብ ግብሪ ክሰብክዎ ኣብ ኩሉ ተጓይዮም። መልእኽቶም ኣብጺሖም ዳርጋ ኩሎም ብሰማዕትነት ሓሊፎም። ንሞት ዓወት ቆጺሮማ። ኣብዚ ኹሉ ዘብጽሖ እቲ ዝተቐበልዎ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

ንሕና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጥምቀት ኣብ ኩሎም ምስጢራት ክንቅበል እንከሎና ንቕበሎ። እቲ ሕቶ እንታይ ለውጢ ኣምጺኡለይ ክንብል ይግብኣና። እዚ መዓልቲ ማርያም ነዚ እዩ ዝዕድመና። መንፈስ ቅዱስ ኣባይ ክሰርሕ ፍቓደኛ ኮይነ ዘሎኹ ወይስ ከምኡ ፀሓይ በሪቓ ትዓርበኒ ኣላ። ከመለኹ ኢልና እስከ ንሕተት ሎሚ ማርያም ብዙሕ ነገር ካባና ትደሊ ኣላ።

- **ሓደ ክንከውን።** ደቂ ማርያም ዘብለና ሓደ ኳነ ብሓደ መንፈስን መገድን ክንከይድ እንከሎና ኢና። ምፍልላይ ናይ ደቂ ማርያም ጠባይ ኣይኮነን። ደቂ ማርያም ኣብ ጸሎት ዝሰምሩ ኣብ ስፍሓተ ወንጌል ብሓባር ዝዓዩ ንጽጉም ዝሕግዙ ሰላም ዝዘርኡ እዮም።
- **ትሕትና ክንገብር።** ማርያም ምስ እዚ ኹሉ ኣምላኽ ዝሃባ ክብርን ጸጋን መለለይኣ ትሕትና እዩ ነሩ። ትሑት ምኧን ንሰብ ክብሪ ይህቦ ንጸጋ ኣምላኽ ክርኢ ይሕግዞ። ትሑታት ክንከውን ማርያም ኣደና ትሓተና ኣላ። ትዕቢት መሊኽና ኣነ ዝብል መንፈስ ስዒሩና እንተሎ ሎሚ ንቐይሮ። ዕቡያት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቦታ የብሎምን። ትዕቢት ብሃብቲ ብንብረት ብስልጣን ጥራሕ ኣይኮነን ዝመጽእ ኣብ ገለ እዋን ድኻ እውን ሓንቲ ዘይብሉ ብትዕቢት ዝተዋሕጠ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ንዘሎና ህያብ ኣምላኽ ኣምስጊና ትሕትና ለቢስና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እሚንቲ ምኧና ንዘክር። ኣብዚ ዓለም ክንሓልፍ እንከሎና ሓንቲ ሒዝና ኣይንሓልፍን ኢና ሰናይ ግብሪ ወይ ሕማቕ ግብሪ ኢና እንሓልፍ ስለዚ ሕይወትና ንስራዕ ፍርሃት ኣምላኽ ይሃልወና።
- **ዘራእቲ ሰላም ክንከውን።** ማርያም ንግስተ ሰላም ንብላ። ካብኣ ዝተወልደ ክርስቶስ ንኣምላኽን ሰብን ዓሪቑና። ብማርያም ሰላም ተረኺቡ ተፈጸመ ተስፋ ኣበው በማርያም ድንግል ወበ ቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል እናበልና ንጽሊ። ማርያም ዘምጽኣቶ ሰላም ንኣይን ንኣኹም እዩ እሞኸ ሰላም ኣብ ሕይወትና ኣሎዶ? ምስ ኣምላኽ መጀመርያ ሰላም ኣሎናዶ ሕልናና እስከ ንሕተት። ምስ ሰብከ ሰላም ኣሎናዶ። ሰላም ከመይ ገረ ከምጽእ እኽእል? ብዙሕ ጊዜ ሰባት ሰላም ክንብል ከሎና ከምቲ ንሕና እንደልዮ ክኾነልና እንከሎ ጥራሕ እዩ እዚ ግን ናይ ክርስቶስ ሰላም ኣይኮነን። ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ሰላም ዝርከብ። ማርያም

ሎሚ እውን ሰላመይ ክህበኩም አባይ ተመለሱ ትብለና አላ። ንሰላም ብባህጊ ንድለያ። ንትዕቢት ንቂምታ ሓዲግና ምስ ኩሉ ሰላም ንግበር።

- **ቃል አምላኽ አብ ልብና ነሕድር።** ማርያም ይብለና ቅዱስ ሉቃስ ንኹሉ አብ ልባ ትሕዞ ነራ። ማርያም አስተንቲና እትኽእል አደ እያ። ንኹሉ አብ ከባቢአ ዝግበር ርእያ ንአምላኽ ፍቓድካ ይኹን እናበለት እትጉዓዝ ሰብ እያ ነራ። አምላኽ ብቃሉ ብቤተ ክርስትያኑ ብኸማና ዝበሉ ሰባት ይዛረበና እሞ ሰማዕቲ ክንከውን። ንቃል አምላኽ ክንጸምኦ ይግባእ። ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ እሞ ክነስተንትኖ እዚ ንመንፈስና ዕግበት ሂቡ አብ አምላኽ የቐርበና።ቃልካ ንአይ ሕይወት ዝህብ እዩ እናበልና ንቃል አምላኽ ንድለዮ።

ብዓልና አምላኽ ክባርኾ ነፍስወከፍና ክንቅደስ ንማርያም ውቕባና ገርና ለመልና ንበሎ። አብ ቃና ዘገሊላ ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት ንሰባት ሓዲስ ነገር ክርእዩ ዝገበረት ማርያም ሎሚ ንአና አብ ሕይወትና አብ ዓድና አብ ስድራና አብ ኩሉ ዓለምና ሓዲስ ነገር ክንርኢ ኩሉ ክቕየረልና እንተ ኾይኑ ወዳ ዝብሎ ክንገብር እያ እትሓተና። ንወዳ እንተ ሰማዕና ተአምራት ክንርኢ ኢና። ሰሚዕካ ምኽአል የድሊ። ሰብ ሎሚ ጸሚሙ ንድምጺ አምላኽ ዝሰምዕ ውሒዱ ናይ ካልእ ድምጺ ክሰምዕ ዝደሊ ኾይኑ። እሞ ሎሚ እስከ እሰምዕ ዘሎኹ ንበል። ምስማዕ አጸጊሙና ተፈላሊና ከም ደቂ ዛግራ ተበታቲና ንነብር አሎና። እሞ ክንእከብ መአድና ኩሉ ክሕወሶ ውራይና ኩሉ ዝሕጎሰሉ ክኸውን ሰማዕቲ ንኹን። ድምጺ ብስም ተሰምዐ አብኡ አይነድህብ። ናይ አምላኽ ዝመስል ድምጺ ሰይጣን የታልለና ክይህሉ ክንሰምዖ ዘይግብአና ሰሚዕና አብ መገዲ ጸጋም ከይንህሉ ሎሚ ንኢየሱስ ንስምዓዮ።

እኖና ወላዲተ አምላኽ ውቕባና ረዳኢትና ሎሚ እውን ንኹሉ ቀይራ አብ ሰላም አብ ፍቕሪ ተጸሚድና መንፈስ ቅዱስ አባና ክሓድር አብ መአዲ ፍቕሪ ትአክበና። ንዝሓመሙ ምሕረት ንዝተሸገሩ ራህዋ ተውርደልና። አብ ኩሉ ሰላም ነጊሱ ፍቕርን በረኸትን የውርደልና።

ብሩኽ ብዓል ወላዲተ አምላኽ ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ